Kanton Bern
Canton de Berne

hallo–bern.ch
salut–berne.ch

# ናይ ህጹጽ ሓደጋ መወከሲን ናይ ምኽሪ ትካላትን

ናይ ህጹጽ እዋን ቴሌፎናት
ማእከላት ምኽሪ

# ናይ ህጹጽ እዋን ቴሌፎናት

ናይ ህጹጽ እዋን ቴሌፎናት ወትሩ ን24 ሰዓታት ክፉት ኢዩ። ውሑድ ቁጽሪ ( 3 ኣሃዛት) ዘለዎ ቴሌፎናት ኩሉ ግዜ ብነጻ ይድወሎ። ካልእ ቁጽርታት ብልሙድ ታሪፍ ይድወለሉ።

## ናይ ሓፈሻዊ ህጹጽ እዋን ቴሌፎን: 112

እዚ ናይ ህጹጽ እዋን ቴሌፎን፡ ምስ ቴሌፎን ማእከል ህጹጽ እዋን ፖሊስ የራኽብ። ፖሊስ ከኣ ከከም ኩነታቱ ንዝምልከተን ጨናፍር ይሕብር( ንእብነት፡ መጥፋእቲ ሓዊ)

## ፖሊስ: 117

እዚ ናይ ህጹጽ እዋን ቴሌፎን ቀጥታ ምስ ፖሊስ ማእከል ህጹጽ እዋን የራኽብ።

## ምክልኻል ባርዕ ሓዊ: 118

እዚ ናይ ህጹጽ እዋን ቴሌፎን'ዚ ምስ ማእከል ምጥፋእ ሓዊ የራኽብ።

## ቀዳማይ ረድኤት / ኣገልግሎት ኣምቡላንስ: 144

እዚ ቁጽሪ'ዚ፡ ምስ ማእከል ቀዳማይ ረድኤትን ኣምቡላንስን የራኽብ። ዘጋጠመ ኩነታት ህጹጽ ረድኤት ዘድልዮን ክብደቱ ኣምቡላንስ ዘድልዮ ምስ ዝኸውንን፡ ናብ ቁጽሪ 144 ብምድዋል ህጹጽ ሓገዝ ይጥለብ። (ንኣብነት፡ ኣብ ግዜ ከቢድ ሓደጋ)። ናይ መድሃኒት ሓገዝ ኣብ ዘድልየሉ፡ ፈለማ ንሓኪም ስድራ ቤትኩም/ሓኪምኩም ምውካስ የድሊ። ካብ ናይ ስራሕ ሰዓታት ወጻኢ፡ ገለ ሓካይም ሓፈሻዊ ሕክምና፡ ኣገልግሎት ህጹጽ ረድኤት ይህቡ። መራኸቢ ህጹጽ እዋን ቴሌፎኖም ካብ ሓኪም ስድራ ቤትኩም/ሓኪምኩም ወይ ባዕሉ ካብ ዝምልሽ ማሽን ክትረኽብዎ ትኽእሉ። ብዘይካ'ዚ ናብ ናይ ካንቶን ቴለፎን ህጹጽ እዋን 0900 576 747 ( ኣስተውዕሉ፡ ንሓደ ደቒቕ፡ 1.98 ፍራንክ ይኽፈሎ) ምድዋል ይከኣል። ኣብ'ዚ ሕክምናዊ ምኽሪ ይወሃብን ኣብ ቀረባኹም ኣብ ዘሎ ሓኪም ወይ ሕክምና የመሓላልፍን። ባዕልኹም ኣብ ከባቢኹም ኣብ ዝርከብ ኣገልግሎት ህጹጽ ሕክምና ወይ ሆስፒታል እውን ክትፍትሹን ክተከዱን ትኽእሉ ኢኹም።

## ቤት መድሃኒት ህጹጽ እዋን

ኣብ ርእሲ'ተን ኣብ ስሩዕ ናይ ስራሕ ሰዓታት ኣገልግሎት ዝህባ ኣብያተ መድሃኒት፣ ካብ ንቡር ናይ ስራሕ ሰዓታት ወጻኢ ኣገልግሎት ህጹጽ እዋን ዝህባ ከባብያዊ ኣብያተ መድሃኒት ኣለዋ። እዘን ኣብያተ መድሃኒት ካብ ናይ ስራሕ ሰዓታት ወጻኢ ናይ ዝህብኦ ኣገልግሎት የኽፍላ'የን። (ንኣብነት ኣገልግሎት ለይቲ) ። ኣብ ህጹጽ እዋን ኣገልግሎት ዝህባ ኣብያተ መድሃኒት፡ ሽው ንእለቱ ክኽፈለን ይግባእ።

## ሓኪም ስኒ ህጹጽ እዋን

ስኒ ዝጕድእሓደጋ ወይ ልዕሊ ዓቕሚ ዝኾነ ቃንዛ ኩርምቲ ምስ ዘጋጥም፣ ካብ ናይ ንቡር ሰዓታት ስራሕ ወጻኢ ኣገልግሎት ዝህቡ ሓካይም ስኒ'ውን ኣለዉ። እቲ ዝወሃብ ኣገልግሎት ሕክምና ስኒ፡ ኣብ መንጎ ሰዓታት 20፡00 - 07፡00 ምስ ዝኸውን ተወሳኺ ክፍሊት ኣለዎ። ኣገልግሎት ክትረኽቡ ኣብ እትድውሉሉ ክፍሊት ክንደይ ምዃኑ ሕተቱ። ንእለቱ ከኣ'ዩ ዝኽፈል።

## ምምራዝ: ናይ ህጹጽ መድዋል: 145

መርዚ ዝሰተኹም ወይ ዝተበከለ ዝበላዕኩም ኮይኑ ምስ ዝስመዓኩም፡ ኣብ'ዚ ቴሌፎን ብምድዋል ሓገዝ ሓኪምን ሰብ ሞያን ክትረኽቡ ትኽእሉ። ኣብ ግዜ ምምራዝ እንታይ ክትገብሩ ከም ዘለኩም ከረድኡኹም'ዮም። እንተኾነ ንሂወት ኣስጋኢ ምስ ዝኸውን ብቅልጡፍ ናብ 144 ምድዋል የድሊ። ኣብ መርበብ ሓብሬታ ኢንተርነት ብዛዕባ ምምራዝ ወይ ምብካል ብዙሕ ሓበሬታ ይርከብ።

## ንዓቕሚ ኣዳም ዝበጽሑ ምኽሪ ዝረኽቡሉ ቴሌፎን: 143

"ቁጽሪ ቴሌፎን 143" (ድሉው ኢድ , Dargebotene Hand) ብዛዕባ ጸገሞም፡ እንታይነቱ ብዘየገድስ፣ ምስ ዝኾነ ሰብ ክዘራረቡን ክመያየጡን ንዝደልዩ ሰባት (ብቋንቋታት ጀርመን፡ ፈረንሳይ፡ ጥልያን) የገልግል። ሰባት ኣብ ኣዝዩ ኣሸጋሪ ኩነታትን ኣብ ካልእ ዝኾነ እዋን ኣብ ግዜ ሻቕሎትን ናብ'ዚ ቁጽሪ'ዚ ክድውሉ ይኽእሉ። ኣብ'ዚ ዝግበር ዝርርብ፡ ምስጢሩ ዝዕቀብን ዘተኣማምንን'ዩ። ከከም ኣድላይነቱ ከኣ ሰባት ምስ ኩነታቶም ዝሽይድ ምኽርን ሓበሬታን ይወሃቦም። ብተወሳኺ ብመልክዕ መልእኽቲ ኢመይልን ቀጥታዊ ምጽሕሓፍ (ቻት) ክኸውን ይኽእል።

## ቴሌፎን ምኽሪ ንቆልዑ / መንእሰያት: 147

ቁጽሪ ቴሌፎን 147፡ ንቆልዑን መንእሰያትን፡ ከከም ጸገማቶም ምስ ዝምልከቶም ክኢላታት ክራኽብ (ብቋንቋታት ጀርመን፡ ፈረንሳ፡ ወይ ጣልያን) ዘኽእል ኢዩ። ኣብ ኣዝዩ ኣሸጋሪ ወይ ኣጸጋሚ ኩነታትን ካልእ እዋንን በዚ ክድወል ይከኣል። በዚ ቁጽሪ ቴሌፎን ዝርከቡ ክኢላታት ን24 ሰዓታት ኣገልግሎት ይህቡ። እቲ ዝግበር ዝርርብ ምስጢሩ ዝተዓቀበን ዘተኣማምንን'ዩ። ብተወሳኺ ብመልክዕ መልእኽቲ ኢመይል ወይ ኤስኤምኤስ "SMS" ወይ'ውን ብቀጥታዊ ምጽሕሓፍ ክኸውን ይኽእል።

## ናይ ወለዲ ናይ ህጹጽ ምድዋል: 0848 35 45 55

በዚ ንወለዲ ዘገልግል ቴሌፎን ህጹጽ እዋን፡ (Elternnotruf | Urgence Parents)፡ ክኢላታት ንወለዲ ወይ ካልኦት ሰባት ብዛዕባ ኣተዓባብያ ቆልዑ ዝምልከት ሕቶታት ዝምልሱሉ ኢዩ። ኣብ'ዚ ወለዲ ኣብ ልዕሊ ደቆም ካብ መጠን ንላዕሊ ጸቕጢ ወይ ልዕሊ ዓቕሞም ዝእዝዝዎም ዘለዉ ኮይኑ ምስ ዝስምዖም፣ ወይ ካብ ካልኦት ቆልዑት ዝተሓቱ ኮይኑ ምስ ዝስምዖም፣ ብሓፈሻ ንደቆም ወይ ብዛዕባ ካልኦት ዝምልከት ሞያዊ ሓገዝ ክረኽቡ ይኽእሉ። ሰባት በ'ዚ ቴሌፎን'ዚ ደቆም ወይ ካልኦት ግዳያት ስነ-ኣእምሮእዊ ጸቕጢ ዝኾኑ ምስ ዝመስሎም ክውከሱ ይኽእሉ። እቲ ዝግበር ዝርርብ ምስጢሩ ዝተዓቀበን ዘተኣማምንን'ዩ። ነዚ ዝምልከት ዝርርብ ብመልክዕ መልእኽቲ ኢመይል'ውን ክኸውን ይኽእል'ዩ። እንተኾነ በዚ ቴሌፍን'ዚ ሕክምናዊ ኣገልግሎት ኣይርከብን'ዩ።

## ዘቤታዊ ዓመጽ/ ጎነጽ ( ደቀንስትዮ) : ቀጥታዊ ኣገልግሎት 24 ሰዓታት፡- 031 533 03 03

ብ በርን፡ ቢልን ቱንን ዝርከብ መዕቆቢ ደቀንስትዮ (Frauenhaus | Maison des femmes)፡ ንግዳይ ዘቤታዊ ጎነጽ/ዓመጽ ንዝኾና ደቂ ኣንስትዮ ኣገግሎት ምኽሪን ሓገዝን ይህብ። መቕርብን ክኢላታትን'ውን ኣብ ቤት ጽሕፈት መዕቆቢ ክውከሱ ይኽእሉ'ዮም። ምስጢር'ቲ ዝካየድ ዝርርም ዝተዓቀበን ዘተኣማምንን'ዩ። እቲ ሓብሬታ ብመልክዕ መልእኽቲ ኢመይል'ውን ክኸውን ይኽእል'ዩ። ዜበታዊ ዓመጽ/ጎነጽ ዘጋጠሞም ደቂ ተብዓትዮ'ውን ሓገዝ ክረኽቡሉ ይኽእሉ'ዮም። ንዘቤታዊ ዓመጽን ጎነጽን ዝምልከት፡ ወላ'ውን ንግዳያት ዝኾኑ ደቂ ተብዓትዮ ክይተረፈን ንካልእ ምስኡ ዝተኣሳሰር ኣርእስትታት ከም መጻምድቲን ቆልዑትን > ግጭት ኣገልግሊት ምኽሪ ናይ ዝህቡ ተወሳኺ ዝርዝር ኣድራሻታት ክርከብ ይከኣል።

## ዝያዳ ሓበሬታ (ሊንክኣድራሻታት ብሮሹራት ቡለቲን)

www.hallo-bern.ch/ti/emergencies-and-counselling-services/emergency-numbers

# ማእከላት ምኽሪ

ገለ ማእከላት ምኽሪ፡ ንሓፈሻዊ ሕቶታት ክምልሳ እንከለዋ፣ ካልኦት ከኣ ኣብ ፍሉይ ጉዳያትን ኣርእስትታትን መዳያት ህይወት፡ ሞያዊ መልሲ ይህባ። እቲ ኣቅርቦት ኣገልግሎት ከከም ከባቢኡ ይፈላለ። ብሕጊ እቲ ዝወሃብ ምኽሪ ኣብ ቀዳማይ እግሪ ብዘይክፍሊት'ዩ። እቲ ካልእ ዝበዝሐ'ውን ከምኡ። ብዙሓት ማእከላት ምኽሪ ብናይ ወጻኢ ቋንቋ ኣገልግሎት ይህባ'የን።

## ሓፈሻዊ ናይ ምኽሪ ትካላት

ከባብያዊ መወከሲ ቦታት/ነቁጣታት ምውህሃድ (AI) (Ansprechstellen Integration | antennes d'intégration) ማእከላት ምኽሪ ስደደተኛታት'የን። ሰራሕተኛታት'ዚ መወከሲ ቦታታት/ንቁጣታት፡ ንሓፈሻዊ መዓልታዊ ህይወት ስዊዘርላንድ ዝምልከት ሕቶታት ይምልሱን ሞያዊ ምኽሪ ዝህቡ ትካላት ንክትረኽቡ ይሕግዙን። ብዘይካ'ዚ ሰባት ምስ ደረጃ ብቅዓቶምን ክእለቶምን ዝኸይድ ትምህርቲ ቋንቋ ጀርመን ወይ ፈረንሳ ንክረኽቡን ዕድላት ኣቅርቦት ምውህሃድ ንክፈልጡን ይሕግዙ። ቆጸራ ብምሓዝ (ብተለፎን ወይ ብኣካል) ብዝተፈላለየ ቋንቋታት ኣገልግሎት ምኽሪ ናይ ምርካብ ዕድል'ውን ኣሎ። ብተወሳኺ ብዘይ ቆጸራ ናብ'ዚ ማእከል ብምኻድ መሰረታዊ ሓብሬታ ክርከብን ካልእ ቆጸራ ክተሓዝን ይከኣል። ዝወሃብ ሓበሬታን ምኽርን ብነጻ'ዩ። ኣብ ጎድኒ'ዚ ማእከላት ሓፈሻዊ ምኽሪ፡ ኣብ ገለ ከባቢታት ብዝተወሰነ ቋንቋታት ወጻኢ ሓላፍነት ወሲዶም ኣገልግሎት ዝህቡ ኣለዉ። ነዚ ማእከላት ዝምልከት ሓብሬታ ካብ መወከሲ ቦታታት/ንቁጣታት ምውህሃድ እትነብሩሉ ከባቢ (AI) (Ansprechstellen Integration | antennes d'intégration) ክትረኽቡ ትኽእሉ። ማሕበራት ስደተኛታት'ውን ብእትፈልጦ ቋንቋ መሰረታዊ ሓብሬታ ንምርካብ ኣገደስቲ ቦታታት'የን።

## ናይ ከባቢ ምምሕዳር / ናይ ከተማ ምምሕዳር

ኣብ ብዙሕ ኩነታት፡ ቤት ጽሕፈት ምምሕዳር እትነብሩሉ ከባቢ/ ከተማ (Gemeindeverwaltung | administration communale, Stadtverwaltung | administration municipale) ቀዳማይ መወከሲ ቦታ'ዩ። ሰራሕተኛታት'ቲ ቤት ጽሕፈት ንእተቅርቡሎም ሕቶታት ብቀጥታ ይምልሱ ወይ ናብ ዝምልከቶም ኣካላት ይመርሑ። ኩሎም ምምሕዳር ከባቢታት ካንቶን በርን ናይ ገዛእ ርእሶም መርበብ ሓብሬታ ኣለዎም። ኣብ'ቲ መርበብ ሓብሬታታት፦ ኣብ ስራሕ ክትረኽቦም እትኽእለሉ መዓልታት፡ ሰዓታትን ካልእ ሓብሬታታትን ይርከብ። ገለ ካብኦም ከኣ ዕድላት ኣቅርቦት ምውህሃድን ኣገልግሎት ምኽሪ ዝወሃበሉ ኣገባብን ይሕብሩ።

## ፍሉይ ሞያዊ ክእለት ዘለዎም ናይ ምኽሪ ማእከላት

ኣብ ካንቶን በርን በብዓውዱን መዳያት ናብራን ኣገልግሎት ምኽሪ ዝህቡ ዝተፈላለዩ ማኣከላት ኣለዉ። ካብኡ ኣብነት ንምጥቃስ፡- ዕድመ፡ ስራሕ፡ መንበሪ፡ ትምህርቲ/ስልጠና፡ መርዓ/ ፍትሕ፡ ምዕባይ ቆልዓ፡ ስድራቤት፡ ፋይናንስ( ዕዳን/ባጀትን)፡ ጥዕና፡ ዘቤታዊ ጎነጽ/ግጭት፡ ምውህሃድ፡ ስነ-ኣእምሮኣዊ ሽግር፡ ክንክን ህጻን፡ ጥንስን ሕርስን፡ ጾታዊ ርክብ፡ ወልፊ፡ ማሕበራዊ ሕቶታት። እቲ ዕድላት ኣገልግሎት ካብ ቦታ ናብ ቦታ ይፈላለ። ምናልባት ኣብ ዘሎኹሞ ከባቢ፡ ዕድል ኣገልግሎት ምስ ዘይህሉ፣ ዝበዝሑ ወህብቲ ኣገልግሎት ምኽሪ ኣብ በርን፡ ቱንን ቢልን ማእከላት ኣገልግሎት ምኽሪ ኣለዎም። ኣብ ቀዳማይ እግሪ ዝወሃብ ኣልግሎት ምኽሪ ብነጻ'ዩ። ኣኣብ መዳያቱ ዝወሃብ ኣገልግሎ ምኽሪ ዝምልከት ዝርዝራዊ ሓብሬታታት በብዓውድታቱ ኣብ መርበብ ሓበሬታ bern.ch ይርከብ። ብተወሳኺ ኣብ ከባብያዊ መወከሲ ዕድላት ኣቕርቦት ምውህሃድ (AI) (Ansprechstellen Integration | antennes d'intégration) ክርከብ ይከኣል፣ ወይ ከኣ ኣብ ቤት ጽሕፈት ዝነብሩሉ ኣከባቢ ክሓቱ ይኽእሉ ። ቋንቋ ጀርመን ወይ ፈረንሳ ዘይክእሉ ሰባት ዝትርጉም ክረኽቡ ዘኽእል ዕድል ክረኽቡ፡ ኣቀዲሞም ክሓቱን ክሕብሩን ኣለዎም። ብኻልእ ቋንቋታት ኣገልግሎት ናይ ምሃብ ዕድል ክህሉ ይኽእል። ወይ'ውን ወሃብቲ ኣገልግሎት ዝትርጉም ክቕርቡ ወይ ተገልገልቲ ዝትርጉም ሒዞም ክመጽኡ ክሕብርዎም ይኽእሉ።

## ብዘይ ናይ ገንዘብ ክፍሊት ዝግበር ናይ መሰል ምኽሪታት

ማሕበር ጠበቓታት ካንቶን በርን (Bernischer Anwaltsverband / BAV | Association des avocats bernois / AAB)፡ ንካንቶን በርን ብምውካል ኣገልግሎት ሕጋዊ ምኽሪ ይህብ። እዚ ማሕበር'ዚ ንዝልዓሉ ሕጋዊ ሕቶታት ኣብ ምምላስ (ሓጺር ምኽሪ ኣብ ምሃብ) ንኹሎም ነበርቲ ናይ'ዚ ካንቶን ብነጻ የገልግል። ኣብ መንጎ ልሙድ ናይ ስራሕ ሰዓታት ነጻ ግዜ ምስ ዘይርከብ ቆጸራ ብምሓዝ ኣገልግሎት ይህብ። ሓበሬታን ትሕዝቶኡን ኣብ መርበብ ሓብሬታ ወይ ከኣ ካብ ቤት ጽሕፈት ምምሕዳር ከባቢ ይርከብ። ሕቶታት ብቴሌፎን ወይ ከኣ ብመልክዕ ጽሑፍ ስለ ዘይምለስ፣ ሰባት ብኣካል ክኸዱ ኣለዎም። ብተወሳኺ ካልኦት ኣብ ብርክት ዝበለ ኣርእስትታት ዳርጋ ዝበዝሐ ካብኡ ነጻ ሕጋዊ ምኽሪ ዝህብ (ስራሕ፡ መንበሪ፡ መርዓ/ስድራ ቤት) ትካላት ኣለዉ። ንኣብነት ማሕበር ሰራሕተኛታት። እቲ ዝወሃብ ኣገልግሎት ምኽሪ ግዜ ዝወስድ እንተ ኾይኑ፡ ክፍሊት ክህልዎ ግድን'ዩ። ኣብ ካንቶን በርን ንጽጉማት ሰባት ኣገልግሎት ሕጋዊ ምኽሪ ዝህብ ማእከል (RBS) ከምኡ'ውን ማሕበራዊ ማእከል ፕሮተስታንት (CSP, Region Berner Jura) ብዛዕባ ዝተፈላለዩ ትካላት፡ ነጻ ጸግዒ ዘይሓዘን ብዘይ ክፍሊትን ብቅዓት ዘለዎ ኣገልግሎት ሕጋዊ ምኽርን ውክልናን ይህብ። ምስ CSP ብምንጽጻር፡ RBS ኣብ ሕቶ ሕጊ ዑቁባ፡ ሕጊ ኣገልግሎት ማሕበራዊ ድሕነትን ኣንጻር ዓሌታዊ ኣድልዎን ጥራይ ሕጋዊ ምኽሪ ይህብ። ከባብያዊ መወከሲ ቦታታት/ንቁጣታት ምውህሃድ (AI) (Ansprechstellen Integration | antennes d’intégration)ብዛዕባ ዝተፈላለየ ንጥፈታት/ ስራሕ ሓበሬታ ይህብ። ገሊኡ ድማ ኣብ ትሕቲ ነፍስወከፍ ብሕታዊ ኣርእስቲ hallo-bern.ch ተዘርዚሩ ይርከብ ።

## ዓሌታዊ ኣድልዎ

ክልተ ማእከላት ምኽሪ፡ ንካንቶን በርን ብምውካል ነጻን እሙንን ኣገልግሎት ንኩሎም ነበርቲ ካንቶን በርን ይህባ። ግዳይ ዓሌታዊ ኣድልዎ ዝኾኑ ሰባት ካብ ማእከል ሒጋዊ ምኽሪ ንጽጉማት ሰባት በርን፡ ሕጋዊ ምኽሪ ይረኽቡ። ኣድላዪ ምስ ዝኸውን ከኣ ካብ (ኣንጻር ዓሌታዊ ኣድልዎን ወጽዓን ብሓባር) ውልቃዊ ማሕበራዊ ኣማኻሪ፡ ኣብ ግዜ ግጭት ጣልቃ ዝኣቱን መንጎኛ ኮይኑ ዝዓርቅን ኣማራጺታት ይቕረብ።

## ማእከላት ምኽሪ ንደቂ ኣንስትዮ

ኣብ ካንቶን በርን፡ ብርክት ዝበለ መወከሲ ቦታታት/ንቁጣታት ንደቂ ኣንስትዮ ኣለው። እቲ መወከሲ ቦታታት ኣብ ሓያሎ ውልቃዊ ወይ ሕጋዊ ሕቶታት ምኽርን ሓበሬታን ይህብ። እቲ ማእከላት ምኽሪ ከከም ዓውድታት ስርሑ ኣብ ዝተፈላለዩ ኣርእስትታት ኣገልግሎት ምኽሪ ምሃብ'ዩ። ኣብ'ዚ ዝስዕብ ኣርእስታት ኣተኲሩ ኣገልግሎት ይህብ፡- መርዓ/ሓዳር፡ ምጽማድ፡ ምፍልላይ፡ ፍትሕ፡ ሞግዚትነት፡ ባጀት፡ ጥሮታ፡ ሕጊ ኢሚግሬሽን፡ ናይ ዕረፍቲ ፍቓድ ኣብ ግዜ ወሊድ፡ መሰል ሰራሕተኛ፡ መሰል ተኻራያይ፡ ሓፈሻዊ ኩንትራትን፡ መሰልን ግዴታን መቅጻዕትን።

## ዝያዳ ሓበሬታ (ሊንክኣድራሻታት ብሮሹራት ቡለቲን)

www.hallo-bern.ch/ti/emergencies-and-counselling-services/counselling-services